# To Goitom

Saturday, November 06, 2010
1:48 PM

## ወድኖ

ፈልጥ

እግሪ ሒዝና ኣይወፃእናን

ዕትብቲ ኣይገብረናን ሓደ

ድሕረ ዘርእና  ቆፂርና

ኣይጠበውናን ጡብ ሓንቲ ኣደ

ፈልጥ

ብሽም ኣቦ ኣይንራኩብ

ኣይንምሕል ብሓደ ቃል

ስሙር መንፈስ ተማቒልና

ሓደ ኣይንኾንን ብኣካል

ፈልጥ

ወደይ ጓልኻ ጓልኻ ወደይ

ወድኻ ጓለይ ብሓባር

ድሕሪ ፃውቲ ጠቢቦም

እንተሓላለኺም ኣእጋር

ፈልጥ

ኣይንኹንንን ሕብረቶም

ንቕበሎ ምበር ብደስታ

ናፈለጥና ከመይ ጌርና

ፍቕሪ ኮ እዩ ፀዋታ

ግን ፍለጠለይ ወድኖ

ወድኖይ ኢኻ ብስሩ

ዓፅሚ ኣይቖፅርን ‘ንሕውነት’

መንፈሳትና ካብ ሰመሩ።

ግደና መስፍን

27/02/2003 ዓ.ም

***Back to Meskot***

---

***The views reflected in the above poem/article are solely of the author and are not necessarily shared by** Meskot**. You may contact Gidena Mesfin for comments at** gidenamesfin@gmail.com**.***